# ኣብ’ቲ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ

መርሓባ ናብ ቨክሾ ሎፍተት ናይ ዓበይቲ ትምህርትን ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛን።

## እንታይ እዩ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ?

ኣብ’ቲ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ (ቋሽንወ) ትምህርቲ ምእንቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወትካን ኣብ ናይ ስራሕ ሂወትን ክትዛረብን ክትጽሕፍን ክትክእል ቋንቋ ሽወደን ክትመሃር ኢኻ። ብዛዕባ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ እውን ክትመሃር ኢኻ።

## ዋጋ

ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ትምህርቲ ካብ ክፍሊት ናጽ እዩ ግን ንኣብነት ንመጽሕፍትን ካልእ ናይ ትምህርቲ መሳርሕን ምኽፋል ከድልየካ እዩ። ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ክትመሃር ከለኻ ካብ ናይ ትምህርቲ ማእከል ሽማግለ ናይ ትምህርቲ ለቓሕ ክትወሃብ ኣይትኽእልን ኢኻ።

## እቲ ትምህርቲ ብኸመይ እዩ ተሰሪዑ?

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ቀትሪ፡ ምሸት ወይ ብትምህርቲ ብማዕዶ ክትመሃሮ ትኽእል ኢኻ።

- እንድሕር ቀትሪ ተማሂርካ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ 15 ሰዓታት ናይ ትምህርቲ ግዜ፡ ካብ ሰኑይ-ክሳብ ዓርቢ መሰል ኣለካ።
- እንድሕር ምሸት ተማሂርካ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ 6 ሰዓታት ናይ ትምህርቲ ግዜ፡ ካብ ሰኑይ-ክሳብ ዓርቢ መሰል ኣለካ።
- እንድሕር ብማዕዶ ተማሂርካ ዕማማትካ ብሓደ ፕሮግራም ከምኡ’ውን ብመንገዲ ናይ መርበብ ካመራ፡ኣለክትሮኒካዊ ደብዳቤ ወይ ተለፎን ገይርካ ምስ መምህርካን ደቂ ትምህርትኻን ትራኸብ።

## ናይ ትምህርቲ መስመርን ኮርሳትን

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ሰለስተ መስመራት ኣለዎ፡ 1፡ 2ን 3ን። ኣየናይ ናይ ትምህርቲ መስመር ትመሃር ናይ ትምህርቲ ድሕሪ ባይታኻ፡ ክንደይ ቋንቋታት ጽሒፍካን ተዛሪብካን ከምእትኽእልን፡ ዕድመኻን ዕላማኻን እዩ ወሳኒ። ነፍሲ ወከፍ ናይ ትምህርቲ መስመር ካብ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ኮርሳት እዩ ቖይሙ።

- ናይ ትምህርቲ መስመር 1 ብኮርስ ኣ፡ በ፡ሰን ደን እዩ ቆይሙ
- ናይ ትምህርቲ መስመር 2 ብኮርስ በ፡ ሰን ደን እዩ ቆይሙ
- ናይ ትምህርቲ መስመር 3 ብኮርስ ሰን ደን እዩ ቆይሙ

## ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ንኽንደይ ግዜ ኢኻ ትመሃር

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ንዝተፈላላዩ ተምሃሮ ዝተፈላልየ ግዜ እዩ ዝወስድ። ኣየናይ ኮርስ ትመሃር ከምኡ’ውን ከመይ ብቕልጡፍ ትመሃርን እዩ ዝውስን። ገለ ሰብ ንሓደ ኮርስ ብሰለስተ ወርሒ ይመሃሮ ንሃልእ ሰብ ነቲኮርስ ብዓሰርተ ወርሒ ይመሃሮ።

Växjö kommun

## ምስክስር ወረቐት

ሓደ ኮርስ ክትውድእ እንከለኻ ካብ ኣ ክሳብ ኣፍ ነጥቢ ትወሃብ ዝለዓለ ነጥቢ ኣ ዝተሓተ ነጥቢ ኣፍ ዘይቅቡል ምስክር ወረቐት ትወሃብ። ናይ ትምህርቲ መንገዲ 1 ወይ 3 ዲኻ ትመሃር ብዘየገድስ ምስክር ወረቐትካ ሓደ ዓይነት ክብሪ ኣለዎ። ኮርስ ምስ ተወደአ እቲ ቤት ትምህርትኻ እዩ ምስክር ወረቐትካ ዝህበካ።

## ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ምስ ካልኦት ትምህርታት ወይ ስራሕ ምጽንባር

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ እንዳተመሃርካ ክትሰርሕ፡ ናይ ስራሕ ልምምድ ክትገብር ወይ ካልእ ከም ናይ ቁጽሪ ወይ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ምእንቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ምስ ስራሕ ወይ ካልኦት ትምህርታት ምጽናባር ክቐለልካ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ቀትሪ፡ ምሸት ወይ ብማዕዶ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። ናይ ዝተፈላልየ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ መምርሒታትና ኣብ'ቶም ዝስዕቡ ኣርእስትታት ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ምስ ናይ ሞያ ትምህርቲ

ኣብ'ቲ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ትመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ። እዚ ከኣ እቶም መምሃራን ክተሓባበሩ ከምኡ'ውን ንስኻ ቋንቋ ሽወደን ኣብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃርን ኣብ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ-ትምህርትታት ሓደ ካብ'ቲ ትማሃሮ ናይ ሞያ ቃላት ክኸዉን ማለት እዩ። እንድሕር ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ እንዳተመሃርካ ሓደ ናይ ሞያ ትምህርቲ ክትመሃር ተገዳስነት ኣለካ ኾይኑ ምስ ናይ ሸክሾሎፍተ ናይ ዓበይቲ ትምህርትን- ናይ ሞያን መምርሒ ርክብ ክትገብር ምርሑብ ኢኻ።

## ጽዑቕ ቋንቋ ሽወደን

ጽዑቕ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ንዓኻ ኣብ ሓጺር ግዜ ጽዑቕ ቋንቋ ሽወደን ክትውድእ እትደልን ናይ ትምህርቲ ልምድ ዘለካን እዩ ዝሰማማዕ። ነቶም ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ትምህርታት ምስ ብዛዕባ ናይ ሽወደን ናይ ስራሕን- ሕብረተሰብን ሂወት ትምህርቲ ኢኻ ትጽምብሮም። ኣብ እዋን እቲ ኮርስ ብዛዕባ ዝተፈለዩ ሕግታትን ዋዕላታትን፡ ናይ ስራሕ ሃዋህውን ከምኡ'ውን ናይ ሓፋሽ መስልን ብዙሓት ሓደሽቲ እማረ ሓሳባት ክትመሃር ኢኻ። ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ቦታታት እውን ናይ መጽናዕቲ ምብጻሕ ክትገብር ኢኻ።

ብዝወሓደ 21 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ ቦታ ቤት ትምህርቲ ክትመሃር ኢኻ።

ጽዑቕ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ምስ ስራሕ ወይ ምስ ካልኦት ትምህርታት ክትጽንብሮ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ኣብ'ሲ ግዜታት እዚ ኣብ ትምህርቲ ክትካፈል ኣገዳሲ እዩ። ብጀካ ትምህርቲ ኣብ ቦታ፡ ነብሰምምሃር ብዓይነት ዕማማት ይውሰኾ እዩ።

## ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ብማዕዶ

ንዓኻ ብዘይስሩዕ ግዜታት ትሰርሕ፡ ናይ ወላዲ ዕረፍቲ ዘለካ፡ ናይ ወላድነት ዕረፍቲ ወይ ኣብ ሊነ ዩኒቨርሲቲ ክትመሃር ትምድብ ዘለኻ እቲ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ብማዕዶ ምምሃር ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል። ብማዕዶ ክትመሃር ከለኻ ኣበይን መዓስን ክትመሃር ትደልይ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን። ምስ መምህርካን ምስ ካልኦት ናይ ኮርስ ብጾትካን ብሓደ ናይ ትምህርቲ መድረኽ ገይርካ ርክብ ክህልወካ እዩ ኣብኡ እውን ናይ ዝተቐድሑ መደረታትት፡ ዕማምት፡ ዘተታት ወዘተ ክትሳተፍ ክትክእል ኢኻ።

ብማዕዶ ክትማሃር እንከለኻ ናይ ትምህርትታት ትከታተሎ ናይ ግዜ ሰሌዳ ስለዘይብልካ ስነ ስርዓት ክህልወካ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ መቀራረቢ ትምህርቲ

ንዓኻ ክለሳውያን ዓውዲ ትምህርታት ንኣብነት ከም ቁጽሪ ወይ እንግሊዝኛ ክትመሃር ተገዳስነት ዘለካ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ እንዳተመሃርካ እንከለኻ እውን ብመባእታዊ ወይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ሓደ ክለሳዊ ዓውደ ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ መቀራረቢ ትምህርቲ ንዓኻ እንታይ ክትመሃር እትደልይ ርግጸኛ ዘይኮንካ ወይ ቅድሚ ናይ ካልኣይ ደረጃ ናይ ብቕዓት መርመራ ምውሳንካ እቶም ክለሳውያን ትምህርትታት ዝሰማምዑኻ እንድሕር ኮይኖም ክትርእይ ትደልይ እውን ይምችእ እዩ።

ንኣብነት ምእንቲ ናይ ውልቀ ሰብ ግደ ኣብ'ቲ ናይ ሽወደን ሕብረተሰብ ዝያዳ ሓበሬታ ክትወሃብ ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ኣብ ግላዊ ሂወት- ናይ ሕብረተስብኣዊ ቁጠባን ከምኡ'ውን ኣብ መሰላትን ኣብ ግዴታታትን ኣብ ውሽጢ ናይ ሕብረተስብኣዊ ፍልጠት ቁጽሪ ዘተኮረ መባእታዊ ደረጃ ወይ ኮርሳት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

## ሕግታት ኣብ ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ

ከም ኣብ ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ ተመሃራይ ምክትታል ዘድልዮም ውሱናት ሕግታት ኣለዉ። ሓደ ሓደ ሕግታት እዚኦም ዝስዕቡ እዮ፡

- ናብ'ቶም ትምህርትታት ኣብ ግዜኻ ምጻእ።
- ናብ ትምህርቲ ክትመጽእ እንድሕር ዘይትኽእል ኾይንካ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሓብር።
- ኣብ ልዕሊ ብጾትካን ኣብ ልዕሊ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ተረድኦን ዓቕልን ኣርኢይ።
- ንትምህርትታትካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓላፍነት ውሰድ - ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ብዙሕ ቋንቋ ሽወደን ትመሃር ኢኻ።

## ብኩራት ሓብር

እንድሕር ሓሚምካ ወይ ናብ ትምህርቲ ንኽትካፈል ካልእ መኻልፍ ረኺብካ እዚ ነቲ ቤት ትምህርትኻ ክትሕብሮ ኣለካ።

## ካብ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ምቁራጽ

ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛ ክትመሃር ከለኻ ኣብ ውሱናት ኩነታት ካብ ትምህርቲ ክትስረዝ ትኽእል ኢኻ። እንድሕር እዞም ዝስዕቡ ተጓኒፎም ክትስረዝ ስግኣት ኣሎ፡

- ካብ ሰልስሰተ ሰሙን ንላዕሊ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት፡ ኣብኩርካ
- እንድሕር ኣብ ትምህርታትካ ንቕድሚት ዘይሰጐምካ

## ናይ ትምህርትን- ናይ ሞያን መመርሒ

ከም ተመሃራይ ካባና ካብ ቨከሾ ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ ናይ ትምህርትን-ናይ ሞያን መመርሒ ክትወሃብ ኣኽእሎ ኣለካ። እንድሕር ንኣብነት ሕቶታት ብዛዕባ ትምህርታት፡ ኣየኖት ትምህርታት ክትመሃር ትኽእል ወይ እንድሕር ናይ ካልእ ሃገር ናይ ዩኒቨርሲቲ ዝተመረቕካዮ ምስክር ወረቐት ኣለካ እሞ ኣብ ሽወደን ሕጋዊ ክትገብሮ እንታይ ምግባር ከምዘድልየካ ዘይርግጸኛ ኾይንካ ከይተሰከፍካ ምሳና ተዛረብ።

ብstudievagledningvaxjoloftet@vaxjo.se ወይ vaxjo.se ወይ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ 0470-410 00 ገይርካ ምሳና ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ናይ ዓበይቲ ትምህርቲ ኣብ ቨከሾ ኣብ www.vaxjo.se/vuxenutbildning ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።